# 6ይቲ ሰንበት ጾመ ፶

# ዘገብር-ኄር

ብኣባ ዓውተ ወልዱ ማ. ሲቶ

## 6th Sunday of the Great Fast:

## The Good Servant

by Fr. Awte Woldu O. Cist.

### ምስላ ዓሠርተ ደናግል (ማቴ 25፡ 1 - 13)

ዓሠርተ ደናግል፡ ሓምሽተ ካብኦተን ዓያሹ፡ ሓምሽተ ከዓ ለባማት ነበራ። ኵላተን ሐደ ዕድል፡ ሓደ ዕላማ፡ ሓደ መጋበሪ፡ ማዕረ ዝኾነ ጊዜን ቦታን፡ ተዋሂቡወን ነበረ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ እተን ንመርዓዊ ነቂሔንን ብእምነትን ብፍቅርን ተሰናዲየን ዝጸንሓ፡ ምስኡ ኣብ ሓጐስን ደስታን ኣተዋ። እተን ምስ መብራህተን ዘይቲ ዘይተማለአ ግን፡ ኣብ ደገ ተረፋ። ብዚ ምስላ'ዚ ገይሩ፤ መ. ኢ.ክ ንዳግማይ ምምጻኡ ብእምነትን ብፍቅርን ተሰናዲና ክንጽበ ይምህረና። መብራህትን ዘይትን ናይ እምነትን ፍቅርን ኣምሳል ኢየን።

ብኹሉ መዋዕል ሕይወትና ተሰናዲና እንተጸናሕና፡ ክርስቶስ ኣብ ዝመጸ እንተመጸ፡ ንሕና ምስኡ ንሱ ምሳና ብቀጻሊ ስለ ንነብር፡ ምስኡ ኣብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ብምስግጋር፡ ኣብ ዘለዓለማዊ ታሕጓስ ክነብር ኢና።

ሎሚ ካልእና እናሰራሕና፡ ብሃንደበት ዘለዓለማዊት ጸዋዕታና እንተ መጸትና ግን፡ ከምተን ማዕጾ ምስተዓጽወን፡ ዘይተን ምስተወድአን፡ ኣብ ጸልማት ዝተረፋ፡ ኣብ ጸልማት ክንተርፍ ኢና። ኣይፈልጠኩምን ኢየ ክብለና ኢዩ።ካብዚ የድሕነና!!

ካብዚ ንምድሓን ሎሚ ኢዩ ዕድልና። ንጽባሕ ንብለሉ ርግጽነት ስለ ዘይብልና፡ ንነፍስ ወከፍ ዕለት፡ ከም መወዳእታ ዕለትና ገርና ክንነብራ ኣሎና። ቲከትና ዝኸፈልናላ ነፋሪት ከይትሓድገና ከይደቀስና ንሓድር ካብ ኮና፤ ነቲ ክርስቶስ ብወርቅን ብብሩርን ዘይኮነ ብክቡር ደሙ ዘጥረየልና ዘለዓለማዊት ሕይወትና ከይንስእና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብፍርሓትን ብረዓድን ክንሰርሕ የድልየና ። ክርስቶስ ብመርዓቱ ንዝምስላ ነፍስና፡ ብፀጋታቱ ሽሊሙ፡ ክንሕልዋ ሓደራ ሂቡና ኣሎ።

### ምስላ መክሊት (ማቴ 25፡14-36)

#### 1. ኣምላኽ በበይኑ መክሊታት ይህበና።(14-15)

በዓል ንብረት፡ ዋና መክሊት፡ እግዚኣብሔር ኢዩ። በበይኑ ህያባት ኾዓ ንነፍስ ወከፍና ዝወሃበና ፀጋታት ኢዩ። ንሕና መመሓደርቱ እምበር ወነንቱ ስለዘይኮና ጸብጻብና ኵሉሳዕ ሥሩዕን ጽፉፍን ኰይኑ ክርከብ ይግባእ።

ፀጋ ኣምላኽ ንነፍስወከፍና፦

- ብኣርኣያን ኣምሳልን ናይ ኣምላኽና ንዝተፈጠርና ከም ባህርያዊ ህያባት
- ብፀጋ ጥምቀት ብዝረኸብናዮ መሰል ወሉድነት ከዓ ከም ክርስትያን

ንኣምላኽ ወትሩ ብትግሃት ንምግልጋል ዝተዋህበና ትዕድልቲ ኢዩ።

ብፀጋ ክርስትና፡ ሃብታት መንፈስ ቅዱስ ተቀቢልና፡ በበይኑ ኣገልግሎት ከነበርክት ተጸዊዕና ኢና።

ብዝኒ መክሊትን ክእለትን፡ ብሉጽ ህያባትን ዘይኮነ፡ እቲ ኣውራ ዘገድስ፡ ከመይ ገርና ንጥቀመሎም ምህላውና ኢዩ። ኣምላኽ፡ ርቱዕን ኵሉ ዝፈልጥን፣ ናይ ኵሉ ሠናይ ነገራት ወሀብን ብምዃኑ፣ ብዝሃበና ሠናይ ህያባቱ፡ ሠናይ ፍረ ክነፍሪ ኢዩ ዝጽበየና። ኣምላኽ፡ ህያባቱ ብዕጽፍን ድርብን ፈርዩ ክርኢ ስለዝደሊ፡ ናይ ዝሃበና ፀጋታት፡ ምሉእን፡ ደቂቅን፡ ቅኑዕን፡ ጸንጻብ ክሓተና ኢዩ። ህያባትና'ኳ እንተ ተፈላለየ ጻዕርና ክፈላለ የብሉን። እቲ ዝተዋህበና ህያብ፡ ኣብ ቁምነገሩ ውዒሉ ክርከብ፡ ብትግሃት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፡ ፍሬ ጽድቂ እናፍረና፡ ምእንቲ ክብሪ እግዚኣብሔር ከነውዕሎ ይግብኣና። ንኣብነት፡ ኣእምሮ እንተዓደለና፡ ንኣምላኽ ክንፈልጠሉ፡ ንኣምላኽን ንመንግሥቲ ኣምላኽን ብቀዳምነት ሠሪዕና ክነብርን፡ ጽኑዕ ድላይ እንተሃበና ንኣምላኽ ክንፈቱ፣ ጽኑዕ ብርኪ እንሃበና ንኣምላኽ ክነገልግል፤ ሀብቲ እንተጸገወና፡ ድኻ ክንዕንግለሉ ወዘተ... ኢዩ ዝወሃበና።

ጐ.ኢ.ክ በዚ ምሳሌ እዚ ገሩ፦

- ኣብ ዝተዋህበና ዕድሎት እሙናት መገልገልቲ ኣምላኽ ኴይና ክንርከብ፤
- ሠናይ ሥራሕ ኵሉ ሳዕ በረኸት ከምዘምጽእ፡ ሕማቕ ሥራሕ ከዓ ከምዘቅጽዕ፤
- ኵሉ እቲ ዘሎና ካብ ኣምላኽ ንኽብሪ ኣምላኽ ከነውዕሎ ዝወሃበና ምዃኑ የስተምህረና።
- ንነፍስወከፍ ከከም ዓቅምናን ጸዋዕታናን ነቲ ከነፍርዮ እንኽእልን ዝግብኣናን ይህበና

## 2. እሙን ኣገሊጋሊ (16-23)

- ካብ ነፍስወከፍና ኣብቲ ዝተዋህበና እሙናት ኴይና ምርካብ ኢዩ ዝድለ
- እሙናት ኴይና እንተተረኸብና ንዘለዓለም ምስኡ ክንሕጐስ ኢና።

ኣብ ውሑድ እሙን ዝኾነ፡ ኣብ ብዙሳ ከምዝሽየም ብምግላጽ፡ ጐ.ኢ.ክ. ዓስብን ሽልማትን ናይ ጽቡቅ ሥራሕ፡ ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ብዝበለጸን ብዝገፍሐን ኣገባብ ምውፋር ምዃኑ የስተምህረና። እሙን ኢኻ'ሞ ከፍ ኢልካ ብላዕ-ስተ! ዝብለካ የለን። እሙን ኢኻ'ሞ ኣግፊሕካን ኣጸቢቅካን ሥራሕ ደኣ ይብለካ። ኣብ ዝነኣሰ ኣገልግሎት እሙን ከይኑ ዝተረኽበ ኣብ ዝዓበየ ኀላፍነት ኣገልግሎት ኣሕዋት ይጽዋዕ።

## 3. ዘይእሙን ኣገልጋሊ (24-28)

ብዝተዋህበካ እሙን ኰንካ ዘይምርካብ፦

- ዘ'ክስስን ዘቅጽዕን ኢዩ

- ግቡእካ ዘይምፍጻም ንርእሱ ዓቢ ጒድልነት ኢዩ
- ክትገብሮ ዝግብኣካ ጽቡቅ ዘይምግባርን ሕማቕ ምግባርን ሓደ ኢዩ

እቲ ዝተቀጽዐን፡ ዘይእሙን ኣገልጋሊ ተባሂሉ ንግዳም ዝወጸን፤ ነቲ ዝተዋህቦ ብምጥፋእ ዘይኮነ፡ ነቲ ዝተዋህቦ ኣካዕቢቱ ብዘይምፍራይ ኢዩ። ብዝተዋህበካ ህያብ ቁምነገር ዘይምግባር፡ ዘ'ኽስስን ዘቅጽዕን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቲ ህያብ ዘሕድግን ናብ ጸልማት ዘእስርን ገበን'ውን ኢዩ።

ህያበይ ውሑድ ኢዩ፤ ዓቅመይ ድሩት ኢዩ፤ ኢልካ በቲ ዘሎካ፡ ዝተዋህበካ ፀጋታት ንኣምላኽ ክብሪ፡ ንርእስኻ ጽድቂ፡ ንሓውኻ ግቡእ ኣገልግሎት፡ ምጒዳል፡ ንወሃብን ንህያብን ምምካንን ምክሳርን ማለት ኢዩ። መክሊትና ምቅባር፤ ንሓቅታት ወንጌል ምቅባር፤ ኣእምሮኻን ልብኻን ምዕጻው የመልክት።

## 4. ንዘለዎ ዘበለ ኹሉ ይህብዎ ይውስኽዎ'ውን ንዘይብሉ ግና ነቲ ዘለዎ እኳ የግድፍዎ (28-29)

እዚ ማለት፡ ሓደ ሰብ፡ በቲ ዝተዋህቦ ህያብ ኣምላኽ፡ ተጊሁ እንተዓየየ፤ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘለዎ እናወሰኸን እናሃብተመን እናማዕበለን፤ ብመንፈስ ኮነ ብሥጋ እናተመሓየሸ ይኸይድ። ሓደ ከዓ፡ ብዝተዋህቦ ፀጋታት ገሩ፡ ገለ ቁምነገር ዘይገብር፡ ነቲ ህያቡ ከንቱ ይገብሮ ማለት ኢዩ። ኣብ ጠቅሚ ዘይወዓለ ክእለትን ንብረትን፡ ጥፉእን ከንቱን ስለዝኾነ፡ እቲ ዝነበረካ'ውን ይጠፍእ ይልከም ማለት ኢዩ። ዝኾነ ኣምላኽ ዝህበና ህያብ ዕላማኡ ጽቡቅን ብዙሕን ፍሬ ንኽነፍርየሉ ኢዩ።

ክርስትያናዊ ጸዋዕታና ተቀቢሩ ክተርፍ ዘይብሉ፡ ብኣምላኽን ብሓውናን ንሕተተሉ፡ ኣምላኽ ንጠቅሚ ኵልና ኢሉ፡ ንሓደና ዝሃቦ፤ ብኡ ገይሩ ክምስገንን ክግልገልን ክኽብርን ዘለዎ፤ ናይ ፍቅሩን ናይ ልግስነቱን ፍሬ ኢዩ።

ስለዚ፡ ዝቀበርናዮ ህያብ ኣምላኽና እንተሎ፡ ኵዒትና ማለት ሓሲብና ኣስተንቲና ንርከቦ፡ ነውጽኣዮ እሞ፡ ከም ዕላማ ተፈጥሮና፡ ንኣምላኽ ንምፍላጥ፡ ንምፍታው፡ ንምግልጋል፡ ንጠቀመሉ። ከምዚ ክንገብርን በዚ መምርሒ'ዚ ክንካየድን ከሎና ኣምላኽና ካብዚ ጊዚያዊ ናብ ዘለዓለማዊ ናብራና እንተጸወዓና *"እሙን ኣገልጋሊየይ/ተይ! ኣብ ውሑድ እሙን/እምንቲ ኮንካ/ኪ ተረኺብካ/ኪ ኢኻ/ኪ እሞ ኣብ ብዙሕ እሾመካ/ኪ ኣሎኹ"* ንእትብል ዓቢይ ብሥራት ክስምዓና ኢዩ።

ኣምላኽ ኣብ መጨረሻ ጒእዞና ነዛ ዓባይ ብሥራት'ዚኣ ንምስማዕ የብቅዓና።

ኣባ ዓውተ ወልዱ ማ. ሲቶ

For questions, more clarifications, or any other interest on the above pleas write to "Abba Awte Woldu" sebabit2@yahoo.com